ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

# ጽምብል በዓል መበል 56 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ከተማ ከለን

ነታ ብጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንምጅማር ቃልሲ ንናጽነት ጥይት ዘበሰረት ዕለት ንምዝካር፡ ብጨናፍር ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድርን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ዝተዳለወ ዝኽሪ በዓል ሓደ መስከረም ኣብ ጀርመን ኣብ ከተማ ከለን ብዕለት 09. መስከረም 2017 ብድምቀት ከቢሩ ከምዝወዓለ ደንጉዩ ዝመጸና ዜና ይሕብር።



ዝኽሪ መበል 56 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ኩዕሶ እግሪ ውድድርን ሰሚናርን ዘካተተ ኮይኑ ብርክት ዝበሉ  ሓደስትን ነባራትን ኤርትራውያን ተቃለስቲ ንፍትሒ ዘአንገደ ከምዝነበረ ይግለጽ።

 

ድሕሪ ሰሚናር በቶም ወናማት ሙዚቐኛታት ዝተዳለወ ናይ  ምዝንጋዕን ምዉቕ ትልሂትን ወጋሕ ትበል ለይቲ ምንባሩ ውሃብ ዜና ኣስሚሩሉ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!
ግሃድኤ ሕድሪ ጨንፈር ጀርመን
11. 09. 2017